# ዕዉት ባዓል ባሕቲ መስከረም ኣብ ሪያድ




መበል 45 ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሰና
ኣብ ከተማ ሪያድ
ብኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን
ብድምቀት ውዒሉ




ብዕለት 09/09/2006 ኣብ ከተማ ሪያድ ሱ-ዓራቢያ ባሕቲ መስከረም ብሱታፌ ኩሎም መሰረታት ኤዲኪን ካልኦት ግዱሳት ኤርትራውያን ዕዱማትን ተደናገጽትን ብድምቀት ውዒሉ።



ኣብ ምኽፋት ናይቲ ባዓል ቃል ኤዲኪ ጨ/ሪያድ ብቃንቃ ዓረቢኛን ትግሪኛ ቀሪቡ ቀጺሉውን ካብ ዝተፈላለዩ ወከልቲ ውድባትን ዕዱማትን ንዝኽሪ ባሕቲ መስከረም መግለጺታት ቀሪቡ።



ሓደ መስከረም 1961 ምጅማር ብረታዊ ቃልስና ንህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ብጽንዓት ንክቃለሰ ትብዓትን ሓቦን ሞራልን ዝሃበት ዕለት ወትሩ ክንዝክራን ከነክብራን ከለና ሎሚ እውን ከም ትማሊ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ዘካይዶ ቃልሲ ተጠርኒፉን ሓድነቱ ኣረጋጊጹ ክምክትን ዳግማይ መብጸዓ ዝኣትወላ ዕለት እያ።



ብዙሕ በቢዓይነቱ ብቃንቃ ትግሪኛን ዓረቢኛን መድረካዊ ንኩነታት ሃገርናን ህዝብናን ዘንጸባርቕ ግጥሚታትን ዋዛ ምስ ቁምነገርን ቀሪቡ



ቀጺሉ ዝቀረበ ሰውራውን ሃገራዊን መዛሙር ዝያዳ ነቲ ሃገራዊ መንፈስ ዝቕስቅስን ነቲ ጽኑዕ ናይ ሳላሳ ዓመታት ቃልሲና ደዘካክርን ስለዝነበረ ተሳተፍቲ ባዓል ሕድሪ ስዉኣትና ንምርግጋጽ ካብቲ

ዝሓለፈ ንላዕሊ ዝያዳ ቃልሲን ጽንዓትን ስለዝሓተተ ኣብዛ ንዝኽሪ ባሕቲ መስከረም ዘብዓልናላ ማዓልቲ መሰረታት ኤዲኪ ንስርዓት ህግዲፍ ንምቅላዕን ንህዝቢ ካብዚ ዘለዎ ኣስካሕካሒ እከይ መነባብሮ ንክላቀቕን ንሃገርና ናብ ዝኾነ ሓደጋ ንከይትሳጣሕን ዝተዓጻጸፈ ጻዕርን ቃልስን ንከካይዱ ቃል ዝኣተዉላ ምዓልቲ ኮይና ውዒላ



ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ካብ ሱሩ በንቂስካ ህዝቢ ኤርትራ ሰላም፣ ራህዋ፣ ቅሳነትን ፍትሕን ዝረክበላ ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ንምምስራት ሓያል ጻዕርን ድኻምን መስዋእትን ጽኑዕ ቃልሲን ዝሓትት ስለዝኾነ ኩልና ኤርትራውያን ኣብየናይ ውድብ ንርከብ ብዘየገዲስ ፍልልያትና ኣጻቢብና ኣብ ክሊ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተጠርኒፍና እጃምና ከነበርክትን ንህዝብናን ሃገርናን ንምድሓን ብጽንዓት ክንቃለስን መድርኽ ይሓተና ከምዘሎን ዘለና ሓላፍነት ከቢድ ሙኻኑን ብግቡእ ክንግንዘብ ይግባእና ዝብል ለበዋታት እውን ካብ መሰረታት ኤዲኪ ድሕሪ ምቅራቡ ንዝኽሪ ባሕቲ መስከረም 1961 መበል 45 ዓመት ዝተዳለወ ብዓወት ተዛዚሙ።



ካብቲ ዝቀረበ ጭሮሖታት

التحالف الديمقراطي الإريتري طريقنا الى دولت العدالة والدمقراطية

**ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ናብ ዲሞክራሲ ዘብጻሓና ድልድል እዩ**

الفاتح من سبتمبر ذكرى خالدة في قلوبنا

**ባሕቲ መስከረም ዘልኣለም ትዝከር ዕለት እያ**

لا يمكن ان ننتصر إلا بالوحدة –

**ብዘይ ሓድነት የለን ዝረጋገጽ ዓወት**

الفاتح من سبتمر هو عهدنا الثاني

**ባሕቲ መስከረም ዳግማይ መብጸዓ ንኣትወላ ዕለት እያ**

**ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን**
**ጨ/ሪያድ ሱዑዲ ዓረቢያ**